# ካብ መብቀላዊ መሬት ኲናማ ኤርትራ ዝመጸና ሃገራዊ ዜና

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ነጋዶ ዘካይዶ ዘሎ ግፍዒታት ብምቅጻል፡ ካብ መጨረሻ ወርሒ 3/2018 ጀሚሩ ክሳብ መጨረሻ ወርሒ 4/2018 ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ንግዳዊ ሕጊታት ወጻኢ ከይድኩም ብዝብል ጉልባብ ኣብ ተሰነይ 92 ናይ ነጋዶ መካይን ከም ዝሓበሰ ተፈሊጡ። ነዞም ነጋዶ ኣብ ከተማ ተሰነይ 4000.00 ናቕፋ ቀጺዑ ከብቅዕ መሊሱ ኣብ ከተማ ባረንቱውን ብተመሳሳሊ መንገዲ 4000.00 ናቕፋ ቀጺዑ ንኣስመራ ከም ዘመሓላለፎም ተፈሊጡ።

ብዕለት 29/04/2018 መካይኖም ንዝተኣሰሮም ነጋዶ መጺእኩም መቕጻዕቲኹም ከፊልኩም ወስዱ ዝብል መልእኽቲ ከም ዝለኣከሎምን ብተወሳኺ ክንደይ ከም ዝቐጽዖም ዝተፈልጠ ከም ዘይለ እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ። ምስዚ ብዝተኣሳሰር ካብ ተሰነይ ክሳብ ኣስመራ ኣብ ዘሎ ብሎኮታት ንዝሕልው ዝነበሩ ኣባላቱ ብሙሉኦም ከም ዝኣሰሮም ተፈሊጡ። ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ነጋዶ ብዘካይዶ ዘሎ ግፍዒ ዝተማረሩ ዜጋታት ገንዘቦም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ስለዘህደሙ፡ ኣብ ኤርትራ ሕጽረት ናቕፋ ከም ዝተኸስተ ተረጋጊጹ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ኣብ ኤርትራ ከቢድ ናይ ጥምየት ሓደጋ ኣንጸላልዩ ከም ዘሎ ተረጋጊጹ። ህዝቢ ኣብ ሞሮር ወጺኡ ኣቁጽልቲን ዝተፈላለዩ ፍሬታት ንክምገብ ተገዲዱ ኣሎ። ከምኡውን መሸጣ ጥሪት እቲ ስርዓት ኮነ ኢሉ ብምውራዱ፡ ጥሪት ወሲዶም ኣብ ዕዳጋ ሸይጦም ዝሸምቱዎ ማሽላ፣ ቡን፣ ሽኮር መዓረ ዋጋ ጠለ-በግዕ ከም ዝኾነ ተረጋጊጹ። ዝርዝር ዋጋ ሓለኽቲን ጥሪትን

1. ገመል 3000.00 ናቕፋ
2. ብዕራይ 1500.00
3. ጠለ-በግዕ 150.00
4. ማሽላ ንርብዒት 90.00
5. ኪሎ ቡን 100.00
6. ሽኮር ኪሎ 40.00 ናቕፋ እዩ።

ብሄረ ኲናማ ኤርትራ ቁጠባዊ ዓቕሙ ኣብ ጥሪትን ከረምታዊ እቶትን ኮይኑ፡ ስርዓት ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ኣካይዳ ኣዛሚድካ ኣብ ምንታይ ደረጃ ከም ዝወድቕ ንምግማቱ ኣየጸግምን።